

# ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ኢና እነገልግል?

ዶር ኣርኣያ ሓድጉ

ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ መበል 24 ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ብሕወ ኣብ ትሕቲ “ኣገልግሎት” ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ ዝተጠርነፈ ትምህርትታት በብመዓልቱ ቀሪቡ። ካብዚ ሓደ *“ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ኢና እነገልግል?”* ዝብል ብዶር ኣርኣያ ሓድጉ ተዋሂቡ።

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ እቲ ትምህርቲ፡ ኣምላኽ፡ ዘለኣለማዊ፡ ህላውነቱ ዘፍለጠ፡ ሕግን ስርዓትን ዝክተል ፍጥረት ዝገበረ፡ ካብ ተግባር ኣእዳዉ ርሑቕ ዘይኮነ፡ ዓ ቕምን ፍልጠትን ምልኣት ጥበብ ናቱ ዝኾነ፡ ፈቃርን ርሕሩሕን፡ ጻድቕ፡ ሓቀ ኣምላኽ፡ መዘና ዘይብሉ፡ ቅዱስ ስሉስ ኣምላኽ ምዃኑ ዘመልክት እዩ (ኢሳ 40)።

## 1 መጽሓፍ ቅዱስ፡ እግዚኣብሄር ፈጣሪን ናባዩን ምዃኑ ይምስክር።

እግዚኣብሄር መን ምዃኑ ርእሱ በቲ ዝፈጠሮ ገይሩ ይምስክር። እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ዝብልዎ ነቕልበሉ። እግዚኣብሄር ኣምላክ “ጽቡቕ እናገበረ፡ ካብ ሰማይ ዝናምን ዘመን ፍርያትን እናሃበኩም፡ ንልብኩምውን ብመብልዕን ሓጐስን እናጽገበ፡ ርእሱ ብዘይ ምስክር ኣይሓደገን” (ግብ 14፡17)።

“ኢድካ ትከፈት እሞ፡ ንህያው ዘበለ ኩሉ ብበረከት ተጽግቦ፡ እግዚኣብሄር ንዚጽውዕዎ ኩሎም፡ ቀረባኦም እዩ።” (መዝ 147፡16-17)።

“ምድሪ ክሳዕ ዘላ፡ ዘርእን ዓጺድን፡ ዛሕልን ዋዕን፡ ሓጋይን ክረምትን፡ መዓልትን ለይትን ኣየቋርጽን እዩ” (ዘፍ 8፡22)።

እዚ ዓብዪ ኪዳን ተሰፋ እግዚኣብሄር ንኖህ ድሕሪ ማይ ኣይሂ እተዋህበ እዩ። “ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ፡ ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪ።” (መዝ 19፡1)።

“ኣምላኽ ገሊጹሎም እዩ እሞ፡ እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዚፍለጥ ዘበለ ኣባታቶም ግሉጽ እዩ፡ ዘማካንዩዎ ምእንቲ ኪስእኑስ፡ እቲ ካብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ — እዚ ከኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይርኤ”(ሮሜ 1፡19-20)።

እምብኣርከስ እቲ ኣምላኽ የሎን ዚብል ሰብ፡ ዘረባ ዕሽነት የውስእ ዓሻ ምዃኑ ድማ ኣይግንዘብን ዘሎ። ፈጣሪ ዝኾነ እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ ኣሎ። እምብኣርከስ “ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ኢና



እነገልግል?” በቲ ተዋሂቡና ዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍጥረት ዚዛረበና ነስተብህለሉ። ዶክተር ጸጋይ ይስሃቅ ንመንጫዕጫዕታ ናይ ናያጋራ ምስ ተዓዘበ፡ ደንጽዩ፦ “ኣየ ፍጥረት ኣምላኽ! ካበይ ይምጽእ ናበይከ ይኸይድ ንሓዋሩ” ኢሉ ኣድኒቑ። ምዕዛብን ምግራምን ብፍጥረት ናብ ምፍላጥ ነቲ ፈጣሪ ዘሳግረና ይኹነልና።

## 2. ኣምላኽ መን ምዃኑ ታሪኽ ይምስክር እዩ።

“ኣምላክ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረበ፡ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልታት ንኣና በቲ ወራሲ ኩሉ ዝገበሮ፡ ብእኡውን ዓ ለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና” (እብ 1፡1-2)።

ነቶም ዝእዝዝዎ ዝባርኽ ነቶም ዝርስዕዎ ድማ ሸለል ዘይብል ኣምላኽ እዩ። ታሪኽ ናይ ኣዳምን ሄዋንን፣ ናይ ኖህን ወለዶኡን፣ ናይ ሰዶምን ጎሞራን፣ ናይ ኣብርሃምን ሎጥን ... ወዘተ መለበሚ ንግበሮ። እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ብመሪሕነት ናይ ሙሴ ካብ ባርነት ግብጺ ምስ መንዝሮም፣ ባሕሪ ኤርትራ ኣሳጊሩ፣ ከንኣን ዘውረሶም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ትእምርትን ተኣምራትን ምዃኑ ክርሳዕ ዘይብሉ ሓቂ ናይ ሓቅታት እዩ።

ፈርኦን ጽርግያ ኣብ ማእከል ባሕሪ ንእኡ ተጸሪጉ ከም እተሰርሓሉ ገይሩ ወሲድዎስ፣ ምስ ብዘሎ ሰራዊቱ ተሃንዲዱ ኣብኡ ጠሓለ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ጻድቕ ፈራዲ ምዃኑ ግና ኣይተገንዘበን።

“ኣይትጠበሩ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ።” ከምቲ ጐይታ ፍጥረት፣ ጐይታ ታሪኽ ምዃኑ ኣይንዘንግዖ። ነቕልበሉ ግዳ! (ገላ 6፡6)።

## 3. እግዚኣብሄር ኣምላክ ብነብያት ገይሩ ተዛረቡ እዩ።

ኣምላክ ብሕልምን ብራእይን ንሰባት ከም በዓል ንእኪ ያእቆብ፡ ዮሴፍ፡ ነቡከድናጾር፡ ዳንኤል፡ ህዝቅኤል፡ ንሰብ ጥበብ ወዘተ፡ ከም እተኸሰተሎም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንረክቦ። ነቶም ነብያት ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑ ይገልጸሎም ነይሩ። ንሳቶም ናይ’ቲ ህልዊ ኩነታቶም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ ዚመጽእ ነገራት’ውን ብምሪሕነት ናይ መንፈስ ኣምላክ ተነብዮም እዮም።

## 4. እቲ ዝዓበየ ራእዩ እግዚኣብሄር ንወዲ ሰብ የሱስ ክርስቶስ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዚ ኣዚና ርዱኣት ክንኮውን ይደልየና። ጸሓፋይ ናብ እብራውያን ከምዚ ኢሉ ይድምድሞ። “ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንኣና በቲ ወራሲ ኩሉ ዚገብሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና” (እብ 1፡2)። ዮሃንስ ድማ ከምኡ፡

“ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ። እዚ ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። ብእኡ ኩሉ ኮነ፡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን። ... “እቲ ቃል ስጋ ኮነ፡ ጸጋን

ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና። ሓደ እኳ ንኣምላክ ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቖፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፡ ንሱ ኣግሃዶ" (ዮሃ 1፡1-3, 14, 18)።

4.1. <u>ባህሪ ክርስቶስ ባህሪ ኣምላክ እዩ።</u>

ካብ እንስሳ እተወልደ እንስሳ እዩ፡ ባህርያት እንስሳ ከኣ ኣለዎ። ካብ ሰብ እተወልደ ሰብ እዩ፡ ባህርያት ሰብ ድማ ኣለዎ። ካብ ኣምላክን ካብ ሰብን እተወልደ ድማ ባህርያት ሰብን ባህርያት ኣምላክን ክህልዎ ናይ ግድን እዩ።

ገብሪኤል መልኣክ ናብ ቅድስቲ ማርያም መጺኡ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ ኢኺ ምስ በላ፡ ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ ከመይ ኢሉ ይከውን? በለት።

"መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ኬጽልለኪ እዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ፡ ወዲ ኣምላክ ኪብሃል እዩ። ንኣምላክ ዚሰኣኖ ነገር የልቦን" ኢሉ መለሰላ። (ሉቃ 1፡31-37።

ነብይ ኢሳይያስ ድማ፡

"ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላክ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ።" (ኢሳ 9፡6)።

እቲ ሓደነት ናይ ኣምላክ 'እንኮነት' ኣይኰነን። እንተ ዝኸውን ነይሩስ እቲ ቃል ስጋ ኪከውን፡ መለኮት መልክዕ ሰብ ክለብስ ኣይምተካእለን። ሓደነት ኣምላክ ግና "ውህድነት" "ኣንድነት" "ማዕርነት" እዩ ዘመልክት። ነቲ ድርብ ቁጽሪ ኣምላክ እሞ ቅርብ ኢልና ነስተብህለሉ።

"ኣምላክ ከኣ፡ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር በለ። ኣምላክ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። (ዘፍ 1፡26-27)።

ኣምላክ ሓደ እዩ፡ ግናኸ እንኮ ኣይኰነን። እዚ ኣንድነት ኣምላክ፡ ኣቦን ወድን ኣለዉዎ ኢሉ ድማ ሓዲስ ኪዳን ይምህር።

የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ክጥመቕ ከሎ፡ "እዚ ወደይ እዩ" ዚብል ድምጺ ካብ ሰማይ ተሰምዔ።

- ኣብ ዮርዳኖስ ሰብ ኰይኑ እተጠምቀ ኣሎ (ወዲ)።
- ብተምሳል ርግቢ ኰይኑ ኣብ ልዕሊ የሱስ ዝዓሰለ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኣሎ።
- ኣቦ ካብ ሰማይ ተዛረበ።

ወዲ ተጠምቀ። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኣብ ልዕሊ ወዲ ተቐመጠ። እቲ ስላሴ ኢልና እንሰምዮ ኣንድነት ኣምላኽ ኣብዚ ተተምቢሁ ከም ዘሎ ነስተብህለሉ። (ማቴ 3፡13-17)።

መለኮትነት ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣዳዕዲዑ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተነጊሩ ኣሎ። ገብሪኤል መልኣክ መለኮታዊ መንነት ናይ የሱስ ክርስቶስ ማርያም ከተለልዮ "ወዲ ልዑል ኣምላክ ኪብሃል እዩ (ሉቃ



1፡35) ኢሉ ይነግራ። እግዚኣብሄር ኣቦ ድማ "እዚ ብእኡ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ እዩ" ኢሉ ይምስክረሉ። (ማቴ 3፡17)። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ፡ ኣብ ቈሎሴ 1፡19። 2፡9 "ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ኣብኡ ሓዲርዎ እዩ" ይብል። የሱስ ክርስቶስ ድማ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኪዛረብ ከሎ፡ "ኣነ ኣብ ኣቦ ከም ዘለኩ፡ ኣቦ ከኣ ኣባይ ኣሎ (ዮሃ 14፡10)። "መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ" (14፡6)። "ኣነ ትንሳኤን ህይወትን እየ" (11፡25) እናበለ ፍሉይ መለኮታዊ መንነቱ ዝሕብሮ ነቕልበሉ።

ዓቕሚ ክርስቶስ ዓቕሚ ኣምላኽ፡ ዓቕሚ ኣምላኽ ድማ ልዕሊ ዓቕሚ ፍጡር ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ኣነጺሩ ዝሕብሮ ሓቂ እዩ። ስልጣን ኣብ ልዕሊ መናፍስቲ (ሉቃ 8፡26-33)፡ ኣብ ልዕሊ ፍጥረት፡ (ንማዕበላት ገንሖም፡ ቃሉ ሰሚዖም ተኣዘዙ (ማቴ8፡23-27)፡ ብሒደት እንጌራን ዓሳን ኣሽሓት መገበ (ማር 6፡30-44 8፡1-10)። ስልጣን ኣብ ልዕሊ ሕማምን ድናሴን ሞትን - ማቴ 15፡29-31 ዮሃ 11፡43-4) ከም ዝነበሮ ይምህር።

ንፍጥረት ብዚምልከት ድማ የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪኡን ዘዋፍሮን ዝጥርንፎን ንሱ ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ዮሃ 1።3 እብ13 ቈሎሴ 1፡16-17። ብዛዕባ መዋእሉ ድማ ዘለኣለማዊ ምዃኑ ይነግረና። ኢሳ 6።8። 9፡6 ዮሃ 1፡1 8፡58 ንኣብነት ንመልከት። ናይ ዘለኣለም ፍርዲ ዝውስን ድማ የሱስ ክርስቶስ እዩ። እዚ ድማ ስልጣን ኣምላኽ ጥራይ እዩ። ማቴ 25፡31-32። 2ይ ቈረ 4፡10።

## 5. ኣብ ምግሃድ ኣምላክ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስሌነ ኣቦን ወልድን እዩ።

እቲ ታሪኽ ናይ ምግላጽ ኣምላኽ ንሰባት ብእግዚኣብሄር ኣቦ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከም እተፈጸመ ከነስተብህል ጸኒሕና። እዚ ምግሃድ እዚ ብምግሃድ መንፈስ ቅዱስ ድማ ከም ዝቐጸለን እተዛዘመን ሓዲስ ኪዳን ኣነጺሩ ዚግልጾ ሓቂ እዩ።

የሱስ ክርስቶስ ንደቀ-መዛሙርቱ ክፋነዎም ከሎ፡ "ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኵሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ፡ ስለዚ ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኪሕልዉ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ክሳዕ ምወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ፡ (ማቴ 28፡18-20)። ዝብል ሕድሪ ገደፈሎም።

ነዚ ሕድሪ እዚ በየናይ ዓቕሚ ከም ዘማልእዎ ድማ ከምዚ ኢሉ ይነግሮም፡ "ንስኻትኩም ግና ድሕሪ ቕሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም እሞ፡ ነቲ ካባይ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ፡ ኢሉ ካብ የሩሳሌም ከይወጹ ኣዘዞም" (ግብ 1፡5)። "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ክትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም" በሎም" (ግብ 1፡8)። እዚ መንፈስ ቅዱስ

እዝስ መን እዩ?

መንፈስ ቅዱስ ፈጣሪ ምዃኑ (ዘፍ 1፡2)። ንሰባት ናብ ኣምላኽ ክቐርቡ እሞ ካብ ጌጋን ስሕተትን ክርሕቁ ዝመርሖም መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ (ዘፍ 6፡3) ካብ ኦሪት ጀሚሩ ተኣሚቱልና ኣሎ። ሓዲስ ኪዳን ድማ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ (ብዛዕባ መንነቱን ተግባራቱን ኣዕዚዙ ይዛረብ። ትስብእቲ የሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ከም እተፈጸመ፡ የሱስ ክርስቶስ ኩሉ ኣገልግሎቱ ብዓቕሚ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝፈለሞን ዘሰለጦን፡ ትንሳኤኡ ካብ ምዉታት ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ከም እተፈጸመ፡ ሃዋርያት ወንጌል ዘበሰሩን ተጋዲሎም እተዓወቱን ዓቕሚ መንፈስ ቅዱስ ለቢሶም ምዃኖም ዛንታኡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተዘርዚሩ ኣሎ።

ድሕሪ ዕርገት ናይ የሱስ ክርስቶስ ዓዚዙ ዝርኤ ምግሃድ ናይ መንነትን ስርሓትን ናይ ኣምላኽ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ከምኡ ከም ዚኸውን የሱስ ክርስቶስ ነቶም ደቀ-መዛሙርቱ ድሮ ኣዳልይዎም ጸኒሑ ነይሩ እዩ።

> “እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዘረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኪፍልጠኩም፡ ናብ ኩሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ። ንሱ ካባይ ኪወስድን ኪነግረኩምን እዩ እሞ፡ ንኣይ ኪኽብረኒ እዩ። <u>እቲ ናይ ኣቦ ዘበለ ኩሉ ናተይ እዩ። ስለዚ እየ፡ ካባይ ወሲዱ ኪነግረኩም እዩ፡ ዝበልኩ</u>” (ዮሃ 14፡13-15)።

> “እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኩሉ ኪምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ” (ዮሃ 14፡26)።

> “እቲ ኣነ ካብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ኺምስክረለይ እዩ” (ዮሃ 15፡ 26-27)።

> “ኣነ ንኹሎም መኸራኸርትኹም ምቅዋሙን ምምጓቱን ዘይከኣሎም ኣፍን ጥበብን ክህበኩም እየ እሞ፡ ስለዚ ከመይ ከም እትመልሱ፡ ቅድም ከይትሓልዩ፡ ኣብ ልብኩም ኣንብርዎ፡” (ሉቃ 21፡14-15)።

> “ናብ ኣባይቲ ጸሎትን ናብ መኳንንትን ገዛእትን እንተ ወሰዱኩም፡ በታ ሰዓት እቲኣ እንታይ ምዝራብ ከም ዚግባእ፡ መንፈስ ቅዱስ ኪምህረኩም እዩ እሞ፡ ከመይ ወይስ እንታይ ከም እትመልሱ ወይ እንታይ ከም እትብሉ ኣይትጨነቑ” (12፡11-12)።

ኹሉ እዚ ተስፋታት ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኣብቶም ኣመንቲ ከመይ ኢሉ ኣብ ግብሪ ከም ዝወዓለ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ምስክር እዩ።

እቶም ሃዋርያትን ካልኦት ኣገልገልትን ምእመናንን ብዓቕሞም ዘይኮነስ በቲ ኣባታቶም ሓዲሩ ዝነበረ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ይነብሩን የገልግሉን የስልጡን ይጋደሉን ምንባሮም ኣጸቢቕም ብተመክሮ ይፈልጡ ነይሮም እዮም። ካብ ተመክሮ ተበጊሱ ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ዚስዕብ



ኢሉ ይምስክር።

> “ንሕና ግና፡ እቲ ብኣምላኽ እተዋህበና ምእንቲ ክንፈልጥሲ፡ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዚኸውን መንፈስ እምበር፡ መንፈስ ዓለም ኣይ ተቐበልናን። ንሕና ከኣ መንፈሳዊ ነገር ምስ መንፈሳዊ እናኣሰማማዕና፡ መንፈስ ቅዱስ ብዚምህረሉ ቓል እምበር፡ ጥበብ ሰብ ብዚምህረሉ ቓል ኣይኮንናን እንዛረብ ዘሎና፡” ($1^{ይ}$ ቈረ 2፡10-13)።

እምብኣርከስ እቲ ምግላጽ ናይ ኣምላኽ ንኣና ብዚምልከት ብሰለስተ ደረጃ መዋእል ተበርኪቱልና ንረኽቦ። ቅድም ምግላጽ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ። ቀጺሉ ምግላጽ ናይ የሱስ ክርስቶስ ወልድ (ወዲ)። ሳልሳይ ድማ ብምግላጽ መንፈስ ቅዱስ ተዛዚሙ ተበርኪቱልና ንረኽቦ። እዚ ኩሉ ድማ ንድሕነትና ብዚምልከት እዩ።

መንፈስ ቅዱስ መን እዩ? መንፈስ ቅዱስ፡ መንፈስ ኣምላኽ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር፡ መንፈስ ክርስቶስ፡ መንፈስ ሓቂ፡ መጸናንዒ፡ ተስፋ ኣቦ፡ መንፈስ ተብሂሉ ይጽዋዕ። መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ እዩ። ነቶም ዝቕበልዎ ሰራጺ እዩ። ጐይታን ህይወትን ዓቕምን ናይታ ማሕበር እዩ።

ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ኢና እነገልግል? ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ - ሓደነቱ ዉሁድ ኣንድነት ድኣ እምበር እንኮነት ዘይኮነ፡ ብስላሴነቱ እተጋህደ ኣምላኽ ኢና እነገልግል።

## መዘካከሪ

**ክቡራት ኣሕዋት
ስለቲ ዘይሕለል ጸሎትኩምን ሓልዮትኩምን ከምኡ'ውን ንኣገልግሎት ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን፡ እትገብርዎ ንዋታዊ ይኩን ቁጠባዊ ደገፋት ኩሉ ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።**

**ከምቲ ዝሓበርኩምና፡ እቲ ኣብ መበል 22 ዓመታዊ ጉባኤን ቅድሚኡን <u>ዝተማባጻዕ ኩሞ መብጽዓ</u> እንሆ በዚ ነዘካክረረኩም ኣሎና።**

**ቸክኩም ናብ**
Besserat Evangelical Society
**ንምግባር ኣይትረስዑ።**
**ኣድራሻ፡**
**142** King Avenue
Columbus, OH 43201

**ናይ መጽሄት ብስራትውን በዚ ኣድራሻ ጌርኩም ክትልእኩዎ ትክእሉ ኢኹም። ምናልባሽ እቲ መብጽዓኩም ምዝካር እንተ ድኣ ኣድልዩ፡ ክትውከሱና ከም እትክእሉ ክነዘካክረኩም ንፈቱ።**